

# Orientation to Ontario



1-855-626-0002
https://orientationontario.ca



## ኮተቴ

ኣብ ኦንታርዮ፡ ንህጻናት፡ ንትሕቲ ዕድመን ንኮተቴታትን ዝሕግዙ ብርክት ዝበሉ ፍሉያት ኣገልግሎታት ኣለዉ። ብዙሓት ውድባትን መንግስታውያን ወኪላትን ድማ ናይ ትምህርቲ፡ ስራሕ ምቑጻር፡ ወለንታውነት፡ ጥዕናን ማሕበራዊ ጉዳያትን ሓገዛት ይህባ።

- NewYouth.ca፡ ናይ ማሕበረሰብ ኦንላይን ኲይኑ፡ ንሓድሽ መጻኢ ኮተቴ (ኣብ ኦንታርዮ ሓድሽ ንዝኾነ ኮተቴ) ንትምህርቲ፡ ስራሕ፡ ጥዕናን ኢሚግረሽንን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ። ካብዚ ሓሊፉ`ውን ኣብቲ ዞባ ንዝርከቡ ትሕቲ ዕድመ ፍጻሜታት ይዝርዝረሎም፡ ከምኡ ድማ ንሓደስቲ መጻእቲ ኮተቴታት ክፉታት ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ናይ ማህደረ-ትምህርቲ (scholarships) ዕድላት፡ ሓገዛትን ናይ ገንዘብ ድጎማታትን ይዝርዝር newyouth.ca
- Youth Opportunities Ontario (ዕድላት ኮተቴ ኦንታርዮ)፡ ኣብቲ ዞባ ንምቑጻር ስራሕ፣ ትምህርቲ፡ ማሕበራዊ መደባትን ወለንታውነትን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ youthconnect.ca

### ትምህርቲ

ኣብ ኦንታርዮ ዝርከብ ኮተቴ፡ ክሳብ ዕድሚኡ 18 ዝኣክል ወይ ድማ ክሳብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ወዲኡ ዲፕሎማ ዝሕዝ፡ ናብ ቤት-ትምህርቲ እናተመላለሰ ክመሃር ኣለዎ። ኣብ ኦንታርዮ፡ ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ መገዲታት ኣሎ። ኣብ ኦንታርዮ፡ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ክትምዝገብ ከሎኻ ናይ ኢሚግረሽን ኲነታትካ ኣይሓታኻን እየን።

መደብ high school Cooperative Education (co-op (ካልኣይ ደረጃ ተራድኣዊ ትምህርቲ))፡ ተማሃሮ ናይ ስራሕ ተመኲሮ እናቐሰሙ ናይ ዲፕሎማ ትምህርቲ ክመሃሩ ዘኽእሎም እዩ። ናይ Co-op ተማሃሮ፡ ብመገዲ Ontario Youth Apprenticeship Program (OYAP (መደብ ተልመዴንነት ኮተቴ ኦንታርዮ)) ኣቢሎም እውን ኣብ ንግዲ ናይ ተልመዴንነት ስራሕ ክጅምሩ ይኽእሉ tcu.gov.on.ca

ኦንታርዮ፡ ብመንግስቲ ዝምወላ ልዕሊ 40 ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን ኣለዋ።

ከምኡ`ውን ሞያዊ ትምህርቲ ዝህባ ልዕሊ 400 ናይ ብሕቲ ኮለጃት ኣብቲ ዞባ ኣለዋ።

ብዛዕባ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ tcu.gov.on.ca

Canadian Armed Forces (ሓይልታት ሰራዊት ካናዳ)፡ ንንኣሽቱ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ትምህርቲን ናይ ሞያ ዕድላትን ይህብ። እንተኾነ፡ ናብ ሓይልታት ሰራዊት ካናዳ ክትጽንበር እንተኾይንካ፡ ብዜግነት ካናዳዊ ክትከዉን ኣለካ።

### ምቑጻር ስራሕ

ንኮተቴ ዝኸውን ስራሕ ምርካብ፡ ኣብ ኦንታርዮ እቲ ዝዓበየ ኣሻቓሊ ጉዳይ እዩ። ንኮተቴ ኣብ ትርፊ-ግዚኡ ዝሰርሕሉ ስራሕ ኣብ ምድላይን ናይ ሸቕለት ዕድላት ኣብ ምድህሳስን ዝተሓጋገዛ ብዙሓት ውድባትን ወኪላትን ኣለዋ።

እዚ ዌብሳይት ናይ Youth Jobs Program (መደብ ስራሕ ኮተቴ)፡ ዝርዝራት ናይ ስራሕ ዕድላት፡ ክእለታትን ናይ ዋኒንተኛነት ደገፋትን ኣለዎ። እዚ ዝርዝራት እዚ፡ ንኮተቴ ኣብ ዕድሚኡን ኣብ ኦንታርዮ ናይ ምንባር መሰሉን መሰረት ገይሩ ክቐርበሉ ይኽእል ontario.ca

### መሰላትን ድሕነትን ኣብ ስራሕ

ኮተቴ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ መጕዳእቲ ከጋጥሞ ዘለዎ ተኽእሎ ዳርጋ ዕጽፊ እዩ። ብዛዕባ ድሕነት ኣብ ቦታ ስራሕ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ዌብሳይት ናይ መንግስቲ ካናዳ Canada Services for Youth (ኣገልግሎታት ኮተቴ ካናዳ) ተወከስ፡- youth.gc.ca

The Ontario Ministry of Labour (ሚኒስትሪ ዕዮ ኦንታርዮ)፡ ከም ሰራሕተኛ መጠን ንመሰላትካ ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ፡- ontario.ca

### ተሳትፎ ኮተቴታትን ወለንታውነትን

ብዙሓት ማእከላት ማሕበረሰብ ንኮተቴ መደባት ይቕርባ እየን። ክለባት፡ ማሕበራዊ ምትእኽኻባት፡ ንጥፈታት ስፖርትን ኣካላዊ

Funded by / Financé par

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ብቑዓትን፡ ከምኡ ድማ ሲቪካዊ ተሳታፍነት ገለ ካብቶም መደባት እዮም።

- ኣብ ከባቢኻ ውድባት ንምርካብ ኣብ ኦንላይን ተመልከት ወይ ድማ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ወኪል ምጥያስ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቦ፡- newyouth.ca
- ብዛዕባ ተሓለቕቲ ጉጅለታት ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ newyouth.ca

ወለንታውነት ወይ ወለንታዊ ምኳን፡ ምስ ሰባት ንኽትራኸብ፡ ሓደስቲ ክእለታት ንኽትመሃር፡ ከምኡ ድማ ማሕበረሰብካ ንኽትፈልጦ ዝሕግዝ ጽቡቕ መንገዲ እዩ።.

ንወለንታውነት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ

Ontario Youth Volunteer Challenge (ብድሆ ወለንታዊ ኮተቴ ኦንታርዮ) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ: ctw.ovcn.ca

## ገበናዊ ሕጊን ፍትሒን ኮተቴ

ስርዓተ ሕጊን ፍትሒን ኮተቴ፡ ካብቲ ልሙድ ስርዓተ ቤት-ፍርዲ ዝተፈልየ እዩ። ካብ 12 ክሳብ 17 ዓመት ዘሎ ኮተቴ ነቲ ሕጊ ኣብ ዝጥሕስሉ እዋን፡ ፖሊስ ነቲ ኩነታት ዝተፈለየ ስትራተጂታት ተጠቒሙ ክርእዮ ይኽእል። ገበናት ዝፍጽመ ኮተቴ፡ ካብ ፖሊስ መጠንቀቕታ ወይ ስምዕታ ክወሃቦ፡ ወይ ድማ ናብ መደብ ማሕበረሰብ ክለኣኽ ይኽእል። እቲ ዝፍጽሞ በደላት ክብድ ዝበለ ምስ ዝኸውን ከኣ፡ እቲ ኮተቴ ብገበን ክኽሰን ናብ ቤት-ፍርዲ ከምርሕን ይኽእል።

## ሓገዝ ምርካብ

Kids Help Phone (ናይ ሓገዝ ቴለፎን ህጻናት)፡ ኣብ ዝኾነ ደረጃ ዕድመ ንዝርከቡ ቆልዑ ኣገልግሎት ምኽሪ ዝህብ ስቱርን ምስጢራውን እዩ። ናብቲ 24-ሰዓት ኣገልግሎት ዝህብ ሆትላይኑ ክትድዉል ወይ ብኦንላይን ሕቶታት ከተቕርበሉ ድማ ትኽእል፡ Kids Help Phone፡ ኣብቶም መዓልታዊ ዘጋጥሙ ከም ቆጸራ፡ ጸቕጢ መዘናን ካልኦት ከም ኣእምሮኣዊ ጥዕና፡ ዓመጽን ምፍርራህን ዝበሉ ከበድቲ ጉዳያትን ሓገዝ ክህብ ይኽእል። በዚ ዝስዕብ ቴለፎን ደዉል 1-800-668-6868 ወይ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ kidshelpphone.ca

ብዛዕባ Kids Help Phone ንህጻናትን ኮተቴታትን ብኸመይ ክሕግዝ ከምዝእኽል ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ New Youth (ሓደስቲ ኮተቴታት) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስnewyouth.ca

### ትፈልጥ ኔርካ ዶ?

- ወዲ 16 ዓመት ምስ ኮንካ፡ G1 (ቀዳማይ ደረጃ) መምርሒ ፍቓድ መኪና ንምዝዋር ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።
- ወዲ 16 ዓመት ምስ ኰንካ፡ ንዝቐርቡልካ ሓደ ሓደ ኣድለይቲ ኩነታውያን ጠለባት ምስ እተማልእ፡ Ontario Works (ዕድላት ስራሕ ኦንታርዮ) ንምርካብ ከተመልክት ትኽእል።
- እንተድኣ ናይ ምሉእ ግዜ ተማሃራይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኮይንካ፡ ነቲ ናይ ተመሃሮ ልቓሕ ዝህብ Ontario Student Assistance Program (OSAP (መደብ ሓገዝ ተማሃራይ ኦንታርዮ)) ዝበሃል ፕሮግራም ንምርካብ ከተመልክት ትኽእል።
- ወዲ 18 ዓመት ምስ ኮንካ፡ ኣብ ናይ ከተማ ምምሕዳራዊ፡ ዞባዊን ፈደራላዊን ምርጫታት ከተድምጽ ትኽእል።
- ኣብ ኦንታርዮ ፍርያት ትምባኾ ንኽትገዝእ፡ ዕድመኻ 19 ዓመት ክኸውን ኣለዎ።
- ኣብ ኦንታርዮ ኣልኮላዊ መስተ ንኽትዕድግን ንኽትሰቲን፡ ዕድመኻ 19 ዓመት ክመልእ ኣለዎ።

